# ፫ይ ሰንበት ዘትንሣኤ 2018 ዓ.ም.

## 18 ሚያዝያ 2018 ዓ.ም (4/26/2026)

መዝሙር፡ ወበእኁድ ሰንበት... አብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰንበት ማርያም መግደላዊት ናብ መቓብር አንጊሃ ጌና ጸልማት እንከሎ ከይዳ፥ እቲ እምኒ ካብ አፍ መቓብር ተፈንቂሉ ረኺባቶ፥ ናብ ስምዖን ጴጥሮስ ከምኡ ናብቲ ካልእ ረድኢ ኢየሱስ ዘፍቅሮ በጽሐት፥ ንጎይታይ ካብ መቓብር ወሲዶሞ አበይ ከም ዝወሰድዎ አይፈልጥን፥ ክልቲኦም ብሓንሳብ እናጎየዩ ከለዉ፥ እቲ ካልእ ረድኢ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ንጴጥሮስ ቀዲምዎ በጽሐ።

ንባባት፡ ዕብ 5:11-14። ፩ጴጥ 1:1-9፥ ግ.ሓ. 5፡27-41፥ ዮሓ 21:1-19።

ስብከት፤ ንግሩ ለእግዚአብሔር ምሕረቶ፥ ወመንክሮሂ ለእጓለ እመ ሕያው፥ እስመ ሰበረ ኆኃተ ብርት ምሕረት እግዚአብሔር ንገሩ፥ጥበቡ ኸአ ንደቂ ሰብ፥ መዓጹ ሓጺን ስለ ዝሰበረ፥ መዝ. 106።

አብዚ ፫ይ ሰንበት ዘትንሣኤ እቲ ዝተንሥኤ ክርስቶስ ጎይታ ከም ዝኾነ ንሰብኽ፥ አብ እነዕርጎ መስዋዕተ ቅዳሴ ንሱ እቲ የዋህ በግዕ መስዋዕት ከም ዝኾነ ደጊምና ነረጋግጽ። ንሱ ኵሉ ስልጣን ክብሪን ግርማን ይግብኦ። ንባባትና ብፍላይ ካብ ዕብራውያንን ካብ ግ.ሓ. ዝተነቡ ነቲ ክርስቶስ ዝገበረልና ዓቢ ነገር ብዝበለጸ ምስክርነት ይህቡ።

አብዚ ናይ ሎሚ መዝሙር እንርእዮ እምነት ማርያም መግደላዊት እዩ፥ ንሳ ንመምህራ ክሳብ እትረኽቦ ብጸልማት ብቐትሪ አብ ኩሉ ክትደልዮ ንርእያ። ክሳብ እትረኽቦ አይዓረፈትን። ክትረኽቦ ቀሊል አይነበረን እንተ ኾነ እምነትን ፍቕርን ገራ ስለ ዝደለየት ባዕሉ ረኺብዋ። አብዚ እዋን ትንሣኤ ኩልና ንኢየሱስ ክንደልን ክንረኽቦ ከምዘሎና ክንሓስብ አሎና። አብ ሕይወትና ከይረኸብናዮ ክነዕርፍ የብልናን። ከየለለናዮ ከይሓልፈና አዒንቲ ሕልናና ክፈተልና ኢልና ንለምኖ።

ግ.ሓ እቶም ፈረሓትን ተጠራጠርትን ዝነበሩ ሓዋርያት ዝዓበየን ዘደንቕ ነገራት ይገብሩ ከም ዝነበሩ ይነግረና፥ ብጴጥሮስ ተመሪሖም ነቲ ዝተንሥአ ክርስቶስ ምስክርነት አብ ቅድሚ ኩሉ ብዘይ ሰጋእት ሂቦም። እቶም ቅድም ዘፈርሕዎም ዝነበሩ አይሁድ ከይተረፈ ደው ከብልዎም አይከአሉን። አብዚ እዋን ፍርሒ ቀደም እዩ ነሩ እምበር ሕጂስ ብድፍረት ነቲ ዝአምንዎ ክሰብኩ እዮም ዝርአዩ። ጴጥሮስ ነቲ ሊቀ ካህናት ብትብዓት ከይፈርሐ ንሕና ናይዚ ነገር እዚ ምስክር ኢና፥ እቲ አምላኽ ነቶም ዚእዘዝዎ ዝሃቦም መንፈስ ቅዱስውን ምስክር እዩ እናበለ ተዛሪቡ። አብ ሕይወቶም ኵሉ ውርደትን ዓመጽን እኳ ይውረዶም እምበር ጴጥሮስ ደጋጊሙ ካብ ንሰብሲ ንአምላኽ ምእዛዝ እዩ ዝግባእ ኢሉ አብ ክርስቶስ ዘልኦም እምነት ገሊጹ በዚ ኸአ ዓላማ ዘልኦም ኮይኖም ንዝኾነ ናይ ሰባት ነገራት ነጺጎም ናይ አምላኽ ነገር ቀዳምነት ክህቡ ጀሚሮም። ካብዚ ንድሓር ከምቲ መምህሮም ክርስቶስ ንሞት ዝሰዓሮ ንሶም እውን ከም ዝስዕርዎ ምሉእ እምነት ነርዎም። አቋሞም ዘዘኻኽረና ንአምላኽ ምእዛዝ አብ ጸዋዕታና ጸኒዕና አብ እንገብሮ ኽግለጽ ከም ዝክአል እሞ በዚ ኸአ ንክርስቶስ ንምስክር።

ሰብ ሎሚ ነቲ ናይ አምላኽ ዘይኮነ ነገራት ክሰምዕን ክገብርን ብዝያዳ ይርአ። ሓዋርያት አብ ምሉእ እምነትን አፍልጦን ምስጢር ትንሣኤ ምስ በጽሑ ንነገራት ክርእዩ ስለ ዝኸአሉ ንሓቅን እምነቶም ክገልጹ ፍርሕ አይ በሉን እኳ ድአ ምእንቲ እምነቶም ክዋረዱን ክሳቐዩን እንከለዉ ይሕጎሱ ነሮም። አብዚ ደረጃ እምነት ክንበጽሕ እንተ ኸአልና ጥራሕ ኢና ምሉእ እምነት አሎና ክንብል እንኽእል።

ዘመን ትንሣኤ ከም ሓዋርያት አብ እምነት ክንድልድል ንእምነትና ክነብሮ እሞ ንኻልኦት አብ እምነቶም ክጸንዑ ክንሕግዝ ምቹእ ኩነታት ዝፈጥረልና እዩ። ፍርሒ ወይ ጥቕሚ እምነትና ካብ ምምስካር ክዓግተና አይግባእን።

አብ ናይ ሎሚ ወንጌል ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ሳልሳይ ጊዜ ከም ዝተራእዮም ይነግረና። ዓሣ እናገፈፉ እንከለዉ ተራእይዎም። ተስፋ ብምቑራጾም አብ ናይ ቀደም ሕይወቶም ተመሊሶም። ተስፋ ዝቖረጸ ሰብ አብቲ ቀደም ዝገብሮ ዝነበረ እዩ ዝምለስ ተሓጺብካ አብ ጭቃ እዩ ነገሩ። ሓዋርያት በቲ ዝነበሮም ተመክሮን አፍልጦን ምሉእ ለይቲ ክገፉ ሓዲሮም እንተ ኾነ ሓንቲ ከይሓዙ ተመሊሶም። እዚ ዝኾነ ቀንዲ ምኽንያት ምናልባት እቲ ቀንዲ ስርሖምን ተልእኮምን ስለ ዝሓደጉ ክኸውን ይክእል እዩ። አንጻር እቲ ክርስቶስ ዝሃቦም ተልእኮ ስለ ዝኸዱ እዩ፥ ተልእክኦም ካብ ሎሚ ንድኃር ገፈፍቲ ዓሣ አይ ኮንኩምን ገፈፍቲ ሰብ ክገብረኩም እየ (ማቴ 4፡19) ዝብል እዩ ነሩ። ንተልእኮ ጎይታ ክቕጽሉ እምበር ስርሖም ክገብሩ አይ ኮነን ተልእክኦም።

ጴጥሮስ ኩሉ ኩነታት ደስ አይ በሎን አነስ ዓሣ ኽገፍፍ ክኸይድ እየ ኢሉ አብ ናይ ቀደም ስርሑ ተመሊሱ። ንሕና አብ ገለ እዋን ሕይወትና ምስ ቤተ ክርስትያን ዘሎና ርክብ ነዝሕሎ ወይ ነቋርጾ፥ አብ ገለ ጊዜ ኸአ አብ አምላኽ ዘሎና ተስፋ ነቋርጾ እሞ እምነትና ሓዲግና አብ ሰባት ንአምን። አብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እዩ ጎይታ እዩ እምበር ዝብል ዘድልየና። ጎይታና ምሳና ከምዘሎ ክንሓስብ ተስፋና ክንሕድሶ እሞ እምነትና ኃይልን ብርታዕን ክህበና አብኡ ግልጽ ንበል።

ጴጥሮስ ጎይታ እምበር እዩ ዝብል ምስ ሰምዐ ኵሉ ተቐይርሉ። ጴጥሮስን ሓዋርያት ብጾቱን አብ ትንሣኤ ክአምኑ ምስ ጀመሩ ኩሉ ነገራት ክቕየረሎም ጀሚሩ። አብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሖም ነቲ ዘይንቕነቕ ዝመስል ዝነበረ መንግስቲ ሮማውያን ስዒሮሞ፥ ነገስታት አብ ቅድሚኦም ወዲቖም ነጋውስ ተአዝዝኦም አርእዮም። ጎይታ እምበር እዩ እትብል ንኹሉ ቀይራ ትብዓት ሂባቶም። ንጎይታ ርኢና እንተ ኸአልና ኩሉ ክበርሃልና እዩ ሽው ጉዕዞና ምስ ክርስቶስ ክንገብሮ ኢና።

አብዚ ክነስተንትን እንከሎና መጀመርያ ካብቲ አምላኽ ዝሃበና ጸዋዕታ ወይ ተልእኮ ወጺእና አብ ናትና አብ ድላይና ክንከይድ ከሎና ነገራት ፋሕ እዮም ዝብሉና። አምላኽ ዘይተሓወሶ ግብሪ ፍረ የብሉን። አብ ዓቕምናን ሃብትናን አፍልጦናን ተመርኲስና ጥራሕ እንተ ተጎዓዝና ፍረ አይ ክህልወናን እዩ መወዳእታኡ ክሳራን ቦዶ ኢድካ ገዛኻ ምእታው እዩ። ሓዋርያት ምሉእ ለይቲ አብ ጸላም ክሰርሑ ሓዲሮም ሓንቲ አይሓዙን እዚ ነቲ አብ ሕልናና ጥራሕ ተመርኲስና ንአምላኽ ሓዲግና አብ ጸልማት ነፍስና ጥራሕ ክንዓይ ኮሎና እዩ ዘመልክት ስለዚ ሎሚ ምስ መን እዓዩ አሎኹ፥ ነቲ አምላኽ ካባይ ዝደልዮዶ እኽተል አሎኹ እናበልና ንርእስና ክንሓትት እንተ ኸአልና አብ ብርሃን ክንምለስ ኢና።

ኢየሱስ ቀጺሉ ንጴጥሮስ ሰለስተ ጊዜ ተፍቅረኒዶ ኢሉ ምስ ሓተቶ ዕያውተይ አብልዕ. . . አባግዐይ ሓሉ ኢልዎ። ኢየሱስ ንጴጥሮስ ነቲ ሰለስተ ጊዜ ዝኸሓዶ ክቕይር ዕድል ከፊትሉ ከምኡ ከምቲ ንክርስቶስ ዝበጽሖ ዕጫ ዝመሳሰል ከም ዝገጥሞ ክገልጸሉ ኢሉ እዩ ነዚ ኢልዎ። አብ መጓሰኡ ክሕሉ እንከሎ ምሉእ ተወፋይነት ከምዘድሊ ከረጋግጽ፥ ዕብየትን ግፍሕን ተልእክኡ ከብርሃሉ ኢሉ ሰለስተ ጊዜ ሓቲትዎ።

ንእና እውን መዘኻኸሪ አለዎ ብዙሕ ዝተዋህቦ ብዙኅ እዩ ካብኡ ዝሕተት። ክርስቶስ ንነፍሲ ወከፍና ጽዋዔና ክሳብ ክንደይ ዓቢ ከም ዝኾነ እናገለጸ ከም አርድእቱ ምእንቲ ስብከተ ወንጌልን ኢልና ዝኾነ ውርደትን ዓመጽን ብትሕትና ክንቅበል ከም ዘሎና ይነግረና አሎ።

ጴጥሮስ ተፍቅረኒዶ ኢሉ ሰለስተ ጊዜ ምስ ተሓተ እወ ኢሉ መሊሱ። እዚ ሰለስተ ጊዜ እወ ዝብል መልሲ ነቲ ሰለስተ ጊዜ አብ ምጅማር ሕማማቱ ዝኸሓዶ ዝቕይር መልሲ እዩ (ዮሓ 18፡15-18, 25-27)። ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ መልሲ ኢየሱስ ነባግዑ ክሕሉ ይእዝዞ። እዚ ነቲ አብ ዮሓ 10፡1-21 እነንብቦ ኢየሱስ ንሱ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ነባግዑ ቀቅድሚአን እናኸደ ዝሕሉ ከምኡ ምእንቲ አባግዑ ነፍሱ በጃ ዝህብ ከም ዝኾነ ጴጥሮስ ከአ አሱሩ ክኽተል ከምዘለዎ ንምሕባር እንተ አድለየ ኸአ ክሳብ ሞት በጃ ክሓልፍ ከም ዝግብኦ ንምግላጽ እዩ።

ጴጥሮስ ከም ጓሳ ንመጓሰ ኢየሱስ ክመርሖን ክምግበን ካብ ዝኾነ ኣራዊት ክከላኸለለን ኣለዎ ኣብ መወዳእታ ከም ኢየሱስ ክሳብ ሞት ክበጽሖ እዩ በዚ ኸኣ ንኣምላኽ ክብሪ ክህብ እዩ። ኣብዚ እንርእዮ ወላ እኳ ብዛዕባ ናይ ጴጥሮስ ጉስነት ይዛረብ እምበር *እቲ ቀንዲ መልእኽቲ ግን ርእሰኻ ምውፋይ ልዕሊ ዝኾነ ሓላፍነት ኣብ ቤተ ክርስትያን ዝውሃብ ሓላፍነት ከም ዝኾነ ንምግላጽ ዝዓለመ እዩ።* ንኢየሱስ ምኽታል ከም ኣገላልጻ ናይ እዚ ወንጌል ጓሳ ምኳን ንመጓሰ ምምጋብን ከምኡ ከምቲ ኢየሱስ ኣቐዲሙ ኣብ ሕይወቱ ዝገበሮ ምእንትኣን ሕይወትካ በጃ ምሕላፍ እዩ።

*ተፍቅረኒዶ*? ዝብል ሕቶ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ይቐርበና ኣሎ። ሓደ ሰብ ከም ዘፍቅረና ኣብ ኵሉ ከሓጉሰና ኣብ ግብሪ ክንርኢ ከሎና ክንደይ ንሕጎስ። ኣብ ሰብ ሓዳር ብፍላይ ኣብተን ቀዳሞት እዋናት ሓዳሮም ብቃልን ግብርን ፍቕሮም ይገልጹ እንተ ኾነ ጊዜ እናነውሐ ምስ ከደ እቲ ፍቕሪ ዳርጋ ኣይግለጽን ኣብኡ እንከሎ ዝቕጽል ዘሎ ይመስል ግን ባህሪ ፍቕሪ ዕለት ዕለት ክኹላዕ ኣለዎ። ኢየሱስ ነዚ እዩ ዝሓተና ዘሎ ብስም ቃል ኪዳን ኣሰርና ወይ መዓርገ ክህነት ምንኩስናዊ ሕይወት ገበርና ፍቕርና ምሉእ ኣሎ ማለት ኣይ ኮነን። ፍቕርና ዝግለጽ ነቲ ኢየሱስ ካባና ዝደልዮ ዕለት ዕለት ብዝተሓደሰ መንፈስ ክነብሮ ከሎና እዩ። እዚ እዋን ኣብ ጎደና ፍቕሪ ክንቀሳቐስ ዝዕድም እዋን እዩ። ኣምላኽ ከምእነፍቅሮ ከም ጴጥሮስ ዓው ኢልና ኣብ ርክባትናን ኣብ ተግባራትናን ክነርኢ ኣሎና።

*ሰብ ሎሚ ካብ ኩሉ ኣጉዲልዎ ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽን ሰብን እዩ።* ኣምላኽ ዳርጋ ከም ቀዳሞት ወለድና ብዘይ ብኣኻ ምንባር ይሕሸና ኢልና ደፊርና ንኣምላኽ ዘሕዝን ክንገብር ንርአ ኣሎና። ኣምላኽ ዝሃበና ሕግጋት ብሰብ ዝሰርሖ ክንቅይር ንባህርያዊ ሕጊ ኣምላኽ ከም ጌጋ ተራእዩ ነቲ ንሕጊ ኣምላኽ ዘፍርስ ሕጋጋትና ኣብ ግብሪ ክነተግብር ንርአ ኣሎና። ይቐይረልና ኣብ ዝብሃል ኢና በጺሕና ዘሎና። ከምኡ ፍቕሪ ሓውናን ሓፍትናን ኣብ ጥቕምን ናይ ጥዓመንን ጥራሕ ኮይኑ ሰብ ከም ኣራዊት ክጨኻኸን እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ሎሚ ንሰብ ክጠልም ክትዕምጽ ዝኾነ ክፉእ ነገር ክትገብር እንከሎኻ ዓወት ረብሓ ኮይኑ እዩ ዝርአ ዘሎ። እዚ ግን ጨሪሹ ንጥፍኣትና ዘምርሕ እዩ። ንሓውናን ሓፍትናን ገፊዕና ኣይንዕወትን ኢና እኳ ድአ ከምቲ ንቃኤል ዝተባህሎ *እንታይ ገርካ ኢኻ ድምፂ ደም ኃውኻ/ሓፍትኻ ኻብ ምድሪ ናባይ ይጠርዕ ኣሎ* (ዘፍ 4፡10) ዝበሎ ይብለና ኣሎ።

*ብዙሕ ክንምሃሮን ክንሓስበሉ ዝግብኣና ነገራት ኣሎና።* ኣብ ገለ እዋን ንጸዋዕታና ምእንቲ ካልእ ግዝያዊ ነገራት ወይ ጥቕሚ ኢልና ኣወንዚፍና ንነብር። ኣብ ክንዲ እንሕጎስ ከም ጴጥሮስን ብጾቱን ብዙሕ ስሪሕና ኣይንዕወትን ኣይንሕጎስን ውጽኢቱ ኣብ ተስፋ ምቑራጽ ንበጽሕ። ዝኸሰርና ኮይኑ ስለ ዝርአየና ኣብ መገዲ ኣምላኽ እንተ ዘይተመለስና ነገራት እናጸልመቱን ሓርበቱናን ይኸዱ ኣብ ሕማቕ ቦታ ወይ ጽቡቕ ነገር እናገበርና ኣብ ሕማቕ ጊዜ ንርከብ ሽው ነገራት ይተሓዋወሱና። ንድላይ/ፍቓድ ኣምላኽን ንጸዋዕታና ክንሓድግ እንከሎና ምሉእ ለይቲ/መዓልቲ ከንቱ ኢና እንዓዪ። ኣብ ክንዲ ድለትና ንመንፈስ ኣምላኽ ጥራሕ እናሰምዕና እንገብር ኣብ ሰብኣዊ ስምዒትና ወይ ድለትና ጥራሕ ተመርኲስና ክንጉዓዝ ከሎና ኣብ ሓሶትን ዝተታለለ ሕይወት ኢና እንነብር።

ከምቲ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ኣብ መስዋዕቲ ቅዱስ ቍርባን ንርእሱ ዝገለጸሎም ንኣና እውን ኣብ መኣዲ ቅዳሴ ዕለት ዕለት ክነዕርግ ከሎና ኣብ መንጎና ቀጺሉ ኣሎ። ኣብ ቅዳሴ ብቀሊ ኅብስትን ወይንን ንህላዌ ኣብ ኣምላኽ ኣብ መንጎና ከም እንረክብ ገሩልና። ዘይምእማናን ኵሉ ድኽመታትናን ብዘየገድስ ኣብ መንጎና ክርከብ ደላዩ እዩ። ኣብ ቅዱስ ቍርባን እምነትና የጽንዓልና፥ ተልእኮና እናኣዘኻከረ ከመይ ዝበልና ክንከውን ከምዘሎና ይነግረና።

በዚ ብሩኽ ሰንበት ኢየሱስ ኣብ ማእከልና ኮይኑ ተፍቅሩኒዶ ይብለና ኣሎ እወ ነፍቅረካ ንበሎ። በረኸት ትንሣኤ ሰላምን ፍቕርን ምሕረትን ኣልቢሱ እሙናት መስከርት ትንሣኤ ይግበረና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ